ETAT DE FRIBOURG
STAAT FREIBURG

Ecole primaire du Schoenberg
Route de la Heitera 17, 1700 Fribourg

**Service de l'enseignement obligatoire de langue française** SEnOF
**Amt für französischsprachigen obligatorischen Unterricht** FOA

Ecole primaire du Schoenberg
Route de la Heitera 17
1700 Fribourg

T +41 26 352 91 51
www.epschoenberg.friweb.ch

—

Direction : Samuel Glannaz
E-Mail : dir.ep.schoenberg@edufr.ch

ንኹሎም ወለዲ ደቆም ካብ 1H-8H

ፍሪቡርግ, 21 ጥሪ 2022
Fribourg, 21 janvier 2022

ካብ 21 ጥሪ 2022 Klapp ዝተባህለ ኣብ መንጎ ወለዲን ቤት ትምህርትን ከም መረዳዲኢ መንገዲ ክታኣታቶ ኢዩ።

ክቡራት ወለዲ

ኣብ መንጎ ቤት ትምህርትን ወለዲን ዝካየድ ርክባት ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ።

ርክባትና ከኣ ዕውት ክኾኑ ተስፋ ንገብር።

በዚ ክላፕ ዝተሰምየ ኣገባብ **Klapp**፡ መምህራንን ዳይረክተር ቤት ትምህርትን ሓበሬታ ይሰዱልኩም። ከም ደብዳቤ፡ ቆጸራ፡ ዝኣመሰሉ ብቐጥታ ናብ ተሌፎንኩም፡ ታብለት ከምኡውን ናብ ኮምፒተርኩም ይልኣኽ።

ፊርማ ወለዲ ዘድልዮም ወረቓቕቲ ግን ከም ቀደም ውላድኩም ንገዛ ሒዝዎ ይመጽእ።

**ጥቕሚ Klapp** ክላፕ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም
- ኣገደስቲ ሓበሬታ ብቕልጡፍ ክበጽሓኩም
- ቆጸራ ንምሓዝ
- ሕቶ ንመምህር ወይ ንዳይረክተር ከነቅርብ ምስ እንደልይ
- ዝኾነ ሰነድ ናብ መምህር ክንሰድድ ምስ እንደልይ

**Klapp** ክላፕ ንዋትሳፕ Whatsapp, ኤስኤምኤስ ወይውን ኢመይል ክትክእ ኢዮ።

ኩሎም ወለዲ ነዚ Klapp ክጽዕንዎ ኣገዳሲ ኢዩ። ሓደ ወይ ክልቲኦም ወለዲ ወይውን ካልእ ሓላፍነት ዝወስድ ኣካል፡ ብመንገዲ **Klapp** ሓበሬታ ክበጽሖ ኣለዎ ትብልዎ ባዕልኹም ትውስኑ።

1. ካብ 25 ለካቲት 2022 ኣብዚ ክላፕ **Klapp ተመዝገቡ።** ኣብ ተሌፎንኩም ነዚ ፕሮግራም ክላፕ **Klapp** ብዘይ ክፍሊት ጸዓንዎ ወይውን ኣብዚ www.klapp.mobi ጠውቑኩም እተዉ።
2. ናትኩም ገጽ ወይ ኣካውንት ክፈቱ
3. ናትኩም ኣካውንት ከም ዝኸፈትኩም መረጋገጺ ካላፕ **Klapp** ኢመይል ይሰደልኩም፡ ነዚ ኢመይል ጠዊቕኩም ምምዝጋብኩም ተረጋግጹ። ኢመይል እንተዘይረኺብክምዎ ኣብ ስፓም ርኣይዎ።
4. ኮድ ተማሃራይ ናይ ውላድኩም ኣእትውዎ።
5. ቁጽሪ ተሌፎንኩም ካልእ ሰብ ክርእዮ ወይ ከይርእዮ ባዕልኹም ትውስኑ።

ባዕልኩም ክትምዝገቡ እንተዘይክኢልኩም፡ በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ 079 663 90 35 ሓገዝ ክትሓቱ ትኽእሉ።

ኣብዚ ፕሮጀክት **Klapp** ብምስታፍና ሓጎስና እንዳገለጽና  ቀሊልን ኣሃዛዊ ዝኾነ መዘራረቢ ኣገባብ ከነቕርብ ተስፋ ንገብር።

ምስ ምዉቕ ሰላምታ

Samuel Glannaz
Directeur de l'école primaire du Schoenberg

Marie-Laure Vonlanthen
Service de l'enfance, des écoles et de la cohésion sociale de la Ville de Fribourg

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ክላፕ **Klapp** ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽቡ ትኽእሉ  : www.klapp.pro.

**ኣገደስቲ ኣድራሻታት :**
ሓገዝ - https://support.klapp.mobi/de/
ፋልማይ ስጉምቲ - https://support.klapp.mobi/de/eltern/registrierung
ምዝገባ - https://support.klapp.mobi/de/article/installation-und-registrierung
ተወሳኺ ህጻናት - https://support.klapp.mobi/de/article/mehrere-kinder

**Annexes :**
ኣዋጅ ውሕስነት ዕቃበ
ናይ ፍቓድ ኮድ
ኣህጉራዊ ምጅማር

# ኣዋጅ ውሕስነት ዕቃበ
**Déclaration de protection des données**

**Klapp GmbH**
Föhrenstrasse 1
5442 Fislisbach
032 510 08 38 | www.klapp.pro

ተሓጋገዝቲ ናይዚ ኣፕሊኬሽን Klapp ምስ ኣሰራርሓ ምስጢራዊ ዕቃበ ይሰርሑ። ኩሉ ውልቃዊ ሓበሬታ ብጥንቓቐን ብምስጥራዊነት ይተሓዝ።

ከም ኩሎም መርበባት ኢንተርነት ወይ ኣፕሊኬሽን ሞባይል፡ ነዚ ገጽ ተጠቃማይ ንምኽፋት ውልቓዊ ሓበሬታ የድልይ።

ብዛዕባና ዝተኣከበ ሓበሬታ ንመነትና ንምምልላይ ይጠቅም፡ ንካልእ ዕላማ ኣየገልግልን። ነዘም ስዒቦም ዘለዎ ነጥብታት ኣኽቢርና ንኸይድ፡

መንነትኩም ብምዕቃብ ገንዘብ ክንረክብ ኣይንደልን። ሓበሬታ ብዛዕባ ተጠቃማይ ንሳልሳይ ኣካል ኣይሸየጥን ንመዓውዒውን ኣይንጥቀመሉን።

ውልቃዊ ሓበሬታ ብምስጥራዊ ኣገባብ ይተሓዝ። ኣድላይ ዘይኮነ ሓበሬታውን ኣይዕቀብን ኢዮ ምኽንያቱ ከኣ ብዝለዕለ ንድሕነት ወይ ንምክልኻል ውልቃዊ ህይወት ነፍሲ ወከፍ ተጠቃማይ ተባሂሉ ኢዩ።

ኩሉ ወልቃዊ ሓበሬታ ኣብ ስዊዝ ይዕቀብ። መሻርኽትናውን ናይ ስዊዝን ኤውሮጳዊ ሕግታትን ኣኽቢሮም ይኸዱ።

Klapp ኣብቲ ንህቦ ሓበሬታ ንምውሳን የፍቅደልና። ነፍሲ ወከፍ ተጠቃማይ ክህቦ ዝደልይ ውልቃዊ ሓበሬታ ባዕሉ ይውስን።

ኣጠቓቕማ ባህሪ ናይቲ ሰብውን ኣይምዝገብን። ንድሕነት ውልቃዊ ሂወት ተጠቀምቲ፡ Klapp ባህሪ ኣጠቃቅማ ሰባት ኣብዚ ኣፕሊኬሽን ኣይምዝግቦን ኢዩ።

ኣብዚ ኣዋጅ ምስጥራዊነት(https://fr.klapp.pro/datenschutz?lang=fr) ንተጠቀምቲ (ንኣብነት መምህራን ሓለፍቲ ትካል፡ ተማሃሮ፡ ወለዲ ብተወሳኺውን ኣባላት ማሕበር) ብኸመይ ኣገባብ ንዕቅቦም፡ ነቲ ንዕቅቦ ውልቃዊ ሓበሬታ ብኸመይ ንጥቀመሎም ወይውን ናብ መን ከም ነመሓላልፎም ይሕበር። ንመሰል ኣጠቓቕማ ውልቃዊ ሓበሬታ ተወሳኺ ሓሳባት ኣብዚ መርበብ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ብዛዕባ ድሕነት ሓበሬታኹም ሕቶ እንተፈጢሩልኩም ወይውን ውልቃዊ ሓበሬታኹም ክድምሰስ እንተደሊኹም፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ info@klapp.pro ንድሕነት ሓበሬታ ዝሰርሕ ኣካል ኢመይል ለኣኹ።

ኣድራሻ ወኪል ብዛዕባ ዕቃበ ድሕነት እዚ ዝስዕብ ኢዩ፡
Klapp Sàrl | Elias Schibli | Föhrenstrasse 1 | CH-5442 Fislisbach

# ናይ ፍቃድ ኮድ Klapp
**Code d’autorisation Klapp**

ቤት ትምህርቲ Ecole :…………………………
ተማሃራይ Elève :…………………………
ኮድ ተጠቃሚ Code d’autorisation :…………………………

ኣገዳሲ ሓበሬታ: እዚ ሰነድ ኣብ ውሑስ ቦታ ክቅመጥ ኣለዎ። እዚ ኮድ ንኻልእ ተወሳኺ ኣካውንት ተጠቃማይ ክንከፍት ይጠቕመና። ንኣብነት እቲ ካልኣይ ወላዲ በዚ ኣካውንት ናይ ውላዱ ክኸፍት ይኽእል።

**ገጽ ተጠቃማይ Klapp ምስ ሃለወና ንፋልማይ ግዜ ክንከፍቶ ከለና**

1. ብኢመይልናን መኽፈቲ ቃልን ጌርና ኣካውንትና ንኸፍት።
2. ውልቃዊ ሓበሬታኹም ምልእዎ: እዚኣ መዛዘሚት መስርሕ ናይ ምምዝጋብኩም ድማ ትኸውን።
3. ካብዚ ጀሚሩ በዚ ኣፕሊኬሽን Klapp ከኣ ሓድሽ ሓበሬታ: ሰነዳት ቤት ትምህርቲ ክትውከሱ ትኽእሉ። ሓድሽ ሓበሬታ ብመልክዕ ኢመይል ወይ ጠውቕ ዝብል ምልክት ይመጸኩም።

⚠ ተወሳኺ ምኽፋት - ተወሳኺ መእተዊ ኮዳት እንተተዋሂብና። ኣብ ዝኾነ ግዜ ትሕቲ ክፍሊ ወይ"Classes" (+) ክትጥቀምሉ ትኽእሉ።

ሓበሬታ: በታ ዘላትና ሓንቲ ኣካውንት Klapp ኣብ ኩሉም ኤለክትሮኒካዊ ኣቕሑት ከም (ተሌፎን ታብለት) ክንጥቀም ንኽእል።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ኢንተርነት [www.klapp.pro](http://www.klapp.pro) ክትረኽቡ ትኽእሉ። ዝኾነ ሕቶ ብዛዕባ ኣፕሊኬሽን Klapp ምስ ዝህልወኩም በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ።
032 510 08 38 | [support@klapp.pro](mailto:support@klapp.pro) |ካብ ሶኒ ክሳብ ዓርቢ ሰዓት 08h00-12h00 | 13h00-17h00